**ሓበረታዊ ወረቐት ናይ ግዴታዊ ትምህርቲ**

ናብ ከተማ ሃለ ሓደስቲ ዝመጻእኩም ዲኹም? ክመሃሩ ዝግብኦም ቆልዑኽ ኣለዉኹምዶ? ግዴታ ትምህርቶም ንኽተማልኡሎም ከተስተውዕልዎም ዝግብኣኩም ነገራት ኣለዉ። እዞም ዝስዕቡ መብዛሕትኡ ግዜ ዝልዓሉ ሕቶታትን መልሲታቶምን ንመልከት።

**ውላደይ ቆልዓ 5 ዓመት እዩ ስለዚ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ኣብ ቤት ትምሕርቲ ክኣቱ ስለዘለዎ እንታይ ክገብር ይግብኣኒ?**

ክሳብ 30 ሰነ ዘሎ ግዜ 6 ዓመቶም ዘምልኡ ቆልዑ ካብታ 7ይቲ ዓመቶም ዝጅምሩላ መዓልቲ ጀሚሮም ናይ ትምህርቲ ግዴታ ኣለዎም። ኣብ ኩለን እትንብሩለን ከተማታት ናይ ዘባአን ናይ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ምምሕዳር ኣለወን። ስለዚ www.halle.de ኣቲኹም ናይታ እትነብሩላ ዘባ ናይ ምምሕዳር ትምህርቲ መምርሒ ብምርኣይ ኣየነይቲ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ናይታ ጐደናኹም ሓላፍነት ከምዘለዋ ኣናዲኹም ንውላድኩም ኣብኡ ኣመዝግቡ። ኣብ ወርሒ ለካቲት ማለት 1 ዓመትን 6 ወርሕን ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ ፍሉጥ ዝኾነ ቆጸራ ኣሎ። ነዚ ድማ ኣብታ መባእታዊት ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ ወግዓዊ መጽሔት ናይ ከተማ ሃለ ክትውከሱ ትኽእሉ። ቅድሚ ናብ ቤት ትምህርቲ ምእታው ግን ብናይ ክፍሊ ጥዕና ዝግበር ናይ ጥዕና ምርመራ ይግበር። ነዚ ድማ ባዕልኻትኩም ናብዘን ኣብ ታሕቲ ተዋሂበን ዘለዋ ማእከላት ምኽሪ ብምኻድ ቆጸራ ክትሰማምዑ ትኽእሉ።

**ውላደይ ኣብ ጀርመን ኣብቲ ክሳብ ሕጂ ዝነበርኩዎ ኣውራጃ መባእታዊ ትምህርቲ ክመሃር ጸኒሑ እዩ። እንታይ ክገብር?**

ኣብ www.halle.de ኣቲኹም ናይታ ሓዳስ እትነብሩላ ኣውራጃ ናይ ምምሕዳር ትምህርቲ መምርሒ ብምርኣይ ኣየነይቲ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ናይታ ጐደናኹም ሕላፍነት ከምዘለዋ ረኺብኩም ንውላድኩም ኣብኡ ኣመዝግቡ።

**ካብ ወጻኢ እየ መጺአ ውላደይ ኣብ ጀርመን ተማሂሩ ኣይፈልጥን፣**

ውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ንምእታው ካብ ናይ ገዛ ሓኪምኩም ወይ ድማ ካብ ክፍሊ ጥዕና ናይ ጥዕና ምስክር ወረቐት ከተውጽኡ የድሊ። ናይ ቆልዑን መንእሰያትን ማእከላት ምኽሪ ኣገልግሎት በዚ ዝስዕብ ኣድራሻታት ብምርካብ ምኽሪ ክትረኽህቡ ትኽእሉ።

ማኣከል ምኽሪ I፣ Helmeweg 2, 06122 Halle Saale, ተለፎን: 03456856742
ከባቢ ከተማ፣ ሰሜን: ሰሜናዊ ማእከል ከተማ

ማኣከል ምኽሪ II፣ Helmeweg 2, 06122 Halle Saale, ተለፎን: 03456902683
ከባቢ ከተማ፣ ምዕራብ

ማኣከል ምኽሪ III፣ Stendaler Straße 7, 06132 Halle Saale, ተለፎን: 03457704766
ከባቢ ከተማ፣ ደቡብ

ማኣከል ምኽሪ IV፣ Niemeyer Straße 1, 06110 Halle Saale, ተለፎን: 03452213241
ከባቢ ከተማ፣ ማእከል ከተማ, ምብራቕ

ማኣከል ምኽሪ V፣ Helmeweg 2, 06132 Halle Saale, ተለፎን: 3456856742
ከባቢ ከተማ፣ ምዕራብ

ናይ ጥዕና ይኹን ናይ ካልእ ( ማለት ከም ናይ ትምህርቲ ወይ ሞያ ዝኣመሰሉ) ምስክር ወረቓቕቲ ከምኡው`ን ካብ ክፍሊ ብዝሒ ህዝቢ ዝውሃብ ውድዓዊ ናይ ነባርነት ምዝገባ ወረቐት፣ ንክፍሊ ትምህርቲ ክወሃብ ይግባእ። ብዚ ኣብ ታሕቲ ተዋሂቡ ዘሎ ናይ ቡስጣን ኢመይልን ኣድራሻታት ምስዳድ ተመራጺ እዩ። ክፍሊ ትምህርቲ

ድማ ምደባ ናይ ውላድኩም ብዝምልከት ናብ መንግስቲ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ የመልክት። ናይ ምደባ ወረቐት ናይ ውላድኩም ድማ ናብ ገዛኹም ይለኣኽ። ሽዑ ናብቲ ዝተመደበ ኣብያተ ትምህርቲ ትኸዱ።

**ውላደይ ካብ 5ይ ክሳብ 10ይ ዘሎ ክፍሊታት ክመሃር ጸኒሑ፣ ነዚ ዝምጥን ኣብያተ ትምህርቲ ከመይ ጌረ ክረክብ ይኽእል?**

ኣብ ከባቢኹም ብቐሊሉ ዝርከቡ ማእከላይ ኣብያተ ትምህርቲ (ረያልሹለ)፣ላዕለዋይ ኣብያተ ትምህርቲ (ጂምናዚዩም)፣ ሓፈሻዊ ኣብያተ ትምህርቲ (ገዛምትሹለ) ወይ ከኣ መዳለዊ ናይ ማትሪክ ፈተና (ኣቢቱር) ኣናድዩ። ናብኡ ኬድኩም ድማ ነጻ ቦታ እንተሎ ትሓትቱ። ነዚ ድማ ኣብ [www.halle.de](http://www.halle.de) ብምእታው ናይ ትምህርቲ መምርሒ ብምውካስ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ። እቶም ናይ ሰኮንዳር ኣብያተ ትምህርቲ (ሃውፕትሹለ፣ረያልሹለ ወይ ድማ ምዕቡል ረያልሹለ) ምስክር ወረቐት እትደልዩ ድማ ናይ ወረዳ ኣብያተ ትምህርቲታት ኣለዋ። ሕጊ ናይ ኣውራጃ ኣብያተ ትምህርቲ ብምውካስ ድማ ነተን ዝምልከተን ኣብያተ ትምህርቲ ክትረኽቡወን ትኽእሉ።

**ግዴታዊ ትምህርቲ ንኽንደይ ግዜ ዝኣክል እዩ ዝቕጽል?**

ኣብ ዛክሰን-ኣንሃልት ግዴታዊ ናይ ሙሉእ ግዜ ትምህርቲ፣ ማለት ኣብ ሓፈሻዊ ኣብያተ ትምህርቲ ንምምሃር እንተወሓደ 9 ዓመት እዩ። ግዴታዊ ትምህርቲ እንተወሓደ ናይ ሓደ ዓመት ኣብ ናይ ሞያ መሰልጠኒ ብምክፋል ይዛዘም። ግዴታዊ ትምህርቲ እንትበዝሐ ካብታ ዝተጀመረትላ ግዜ ድሕሪ 12 ዓመት ይውዳእ።

**ናይ ውላደይ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ምኻድ ግድን ድዩ?**

እወ ናይ ግዴታ እዩ። ግን ሓንቲ ተመሃሪት ኣብ ቀረባ ግዜ ትሓርስ እንተኾና ቅድሚ ሕራስን ድሕሪ ሕራስን ካብ ግዴታዊ ትምህርቲ ሓራ ንምኧን ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፣ ነታ ኣብያተ ትምህርቲ ወይ ድማ ንመንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ምውካስ የድሊ። ካልእ ምኽንያት፣ ንኣብነት ከም ንዝተወሰነ ግዜ ካብ ትምህርቲ ንምዕራፍ ዝኣመሰለ እንተኾይኑ ግን ናይ መንግስቲ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ እዩ ዝውስኖ (Lacha-Poststelle@Sachsen-Anhalt.de, ተለፎን፣ 03455140)።

ከተማ ሃለ ብዛዕባ ምዝገባ ናይ ትምህርቲ ግዴታ ዝምልከቶም ተቖጣጢኣ ዝኸኑ ቆልዑት በብግዜኡ ምክትታል ትገብር እያ። ነዚ ግዴታ እዚ ዘይምትግባር ድማ ከም ምምሕዳራዊ በደል ይቑጸር።

ብዛዕባ ትምህርቲ ዝኾነ ይኹን ካልእ ሕቶታት እንተለኩም ምሳና ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ።

Fachbereich Bildung
Abteilung Schule
Albert-Schweizer-Str. 40
06114 Halle (Saale)
Tel.: 0345/2213131 oder 3141

E-mail: schulverwaltung@halle.de

ብዛዕባ መደበኛ ትምህርቲ ወይ ብዛዕባ ሞያ ኣብ ከተማ ሃለ ብዝምልከት ሕቶታት እንተ ኣለኩም ወይ ድማ ናይ ቋንቋ ሓገዝ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፣ ኣብዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ማእከላት ምኽሪ ወይ ከኣ ኣብ ናይ ዛክሰንኣንሃልት ናይ ወለዲ ስደተኛታት መራኸቢ ዘሎ ጽሑፍ ተጠቐሙ።

[https://www.nemsa.de/infothek-wissen/elterninformationen-mehrsprachig/](https://www.nemsa.de/infothek-wissen/elterninformationen-mehrsprachig/)

ዕዉትን ዘሐጉስን ናይ ትምህርቲ ግዜ ክኾነልኩም ንምነየልኩም።